# መምርሒ ኣባይቲ፣ ንኣብ ስኮትላንድ ዝርከቡ ስደተኛታት

# ዓሌታዊ ግፍዒ

ንእሽቶ ጽሑፍ 4 - ታሕሳስ 2010

scottish refugee council

Tigrinya

ኣብ ዝኾነ ናይ መንበሪ ኣባይቲ ተቐመጡ ብዘየገድስ፡ ንስኹምን ቤተሰብኩምን ኣብኡ ብሰላምን ብዘይ ገለ ፍርሕን ምፍርራሕን ወይ ጎነጽ ክትነብሩ መሰል ኣሎኩም። ብምኽንያት ዓሌትኩም፣ ሕብርኹም፣ ብሄርኩም ወይ መበቆል ዓድኹም፡ ብሕማቕ ዝርእየኩም ወይ ዝሕዘኩም ሰብ እንተደኣ ኣሎ ኰይኑ፡ እዚ ሓጺር ጽሑፍ እዚ እንታይ ክትገብሩ ከም እትኽእሉ ይሕብረኩም።

## ዓሌታዊ ግፍዒ እንታይ እዩ?

ዓሌታዊ ግፍዒ ከቢድ ወንጀል ክኸውን እንከሎ ዘይሕጋዊ ዝኾነ ተግባር እዩ። እዚ ግፍዒ እዚ፡ ካብ ሓደ ዓሌት ዝኾነ ሓደ ሰብ ወይ ጉጅለ ሰባት ንካብ ካልእ ዓሌት ዝኾነ ሰብ ወይ ሰባት ምስ ዘጉህይዎም፣ ዘሕርቕዎም፣ ወይድማ ዘፈራርሕዎም ይፍጸም። ብብዙሕ ዓይነት ክግለጽ እንከሎ ገለገለ ካብኡ ከምዚ ዝስዕብ እዩ፥

- ናይ ቃል ዓመጽ፣ ንኣብነት ብሳጓ ምጽዋዕ፣ ጸርፊ ወይድማ ዓሌት ዝትንክፍ ዋዛታት፣
- ንብረትኩም ወይድማ ገዛኹም ምዕናው፣
- ዓሌት ዝትንክፍ ኣብ መንደቕ ዝጸሓፍ ጽሑፋት፣
- ኣብ ቅድሚ ገዛኹም ወይድማ ኣብ ናይ ደብዳበ ሳጹንኩም ጎሓፍ ምጉሓፍ፣
- ዘሕርቕ ናይ ስልኪ ምድዋል፣ ተክስት ወይ ኢመይል ምልኣክ፣
- ምብኣስ፣ ከምእውን ምፍርራህ፣ ወይድማ
- ኣካላዊ ጎነጽ ወይ ዓመጽ።

## ሽለል ክብሎ'ዶ ኣሎኒ?

ኣይፋልን። ዝኾነ ይኹን ሰብ፡ ንባዕሉ፣ ንቤተሰቡ፣ ንንብረቱን ገንዝኡን ብሰላምን ካብ ካልእ ሰብ ዝመጽእ ምፍርራህ ዘይብሉን ክነብር መሰል ኣለዎ። ዋላሓድ እንተደኣ ዘይገበርኩም፡ እንዳገደደ ክኸይድ ይኽእል እዩ፡ ስለዚ ቀልጢፍካ ስጉምቲ ምውሳድ ዝሓሸ እዩ።

Scottish Refugee Council, 5 Cadogan Square, (170 Blythswood Court), Glasgow G2 7PH Tel: 0141 248 9799, Fax: 0141 243 2499,
www.scottishrefugeecouncil.org.uk

ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ስኮትላንድ ኣብ ስኮትላንድ ዝተመዘገበ ናይ ግብረሰናይ ማሕበር እዩ። ምዝጉብ ግብረሰናይ። SC008639

## እንታይ ክገብር እኽእል?

ብጸጥታ ክትሳቐዩ ኣይግባእን።  ኣብ ዓለየት ዝተሞርከሰ ፍሉይነት እንተተሰሚዕኩም ብፖሊስን ካልኦት ወከልቲን ተመሳሳሊ መረዳእታ ክረክብ ኣለዎ።  ብዙሕ ክትገብርዎ ትኽእሉ ነገራት ኣሎ፣ ከምኡውን ብዙሕ ከትረኽብዎ ትኽእሉ ደገፉት ኣሎ።

- **ንፖሊስ ሓብሩ**

  ዓለታዊ ግፍዒ ከቢድ ወንጀል ስለዝኾነ፡ እቲ መጀመርያ ክትገብርዎ ዘሎኩም ነገር ንፖሊስ ምሕባር እዩ። ንሳቶም ድማ ከም ዓሌታዊ ጉዳይ መጠን ክምርምርዎ እዮም። ዘይሕጋዊ ተግባር ስለዝኾነ፡ ነዚ ተግባርዚ ዝፍጽሙ ሰባት ኣብ ቤት ፍርዲ ክፍረዱ ይክእሉ እዮም። ነዚ ጉዳይ ፖሊስ ብዕቱብ ስለዝሕዝዎ ኣይትፍርሁ።

  ኣብ ህጹስ ኣቓልቦ ዘድልዮ ሓደጋ እንተደኣ ኣሎኹም ኰንኩም ወይድማ እቲ ገበን ኣብዚ ጊዜዚ ይፍጸም እንተደኣ ኣሎ ኮይኑ፡ ቀልጢፍኩም ብስልኪ ቁጽሪ 999 ናብ ፖሊስ ደውሉ። እንተዘይኮይኑ ድማ፡ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ፖሊስ ደውሉ ወይድማ ንዝኾነ በዓል ስልጣን ፖሊስ ሕብሩ።

  ናይቶም ዘዛራረብክሞም ፖሊስ ኣስማት ሓዙ፡ ንሳቶም ድማ ናይ ገበን መጥቀሲ ቁጽሪ ክህብኹም ይግባእ፤ እዚ ቁጽሪ እዚ ድማ ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ምስ ፖሊስ ክትዘራረቡ እንተደኣ ኣድልዩኩም ይጠቕመኩም እዩ።

  ምስ ፖሊስ ብቀጥታ ክትዘራረቡ እንተደኣ ዘይከኣልኩም ወይ ዘይደለኹም፡ ብሳልሳይ ኣካል ዝግበር ምስጢሩ ዝተሓለወ ሪፖርት ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ድማ እቲ ገበን ንኣብ ናይ ስኮትላንድ ስደተኛታት ካውንሲል (0800 085 6087) ብፍቓደም ብናጻ ዝሰርሑ ኪኢላታት ክትሕብርዎም ይገብር። እቲ ኩሉ ሓበሬታ ካባኹም ምስ ወሰዱ ድማ ፖሊስ ነቲ ነገር ክምርምሮ እንተደኣ ትደልዩ ኮንኩም ከተፍልጢ ትኽእሉ። ኣብቲ ናይ Strathclyde ናይ ፖሊስ መርበብ ሓበሬታ፡ ናይተን ኣብ ጥቓኹም ዝርከባ ሪፖርት ክትገብሩለን እትኽእሉ ማእከላት ዝርዝር ኣድራሻታት ክትረኽቡ ኢኹም፥
  [https://www.strathclyde.police.uk/index.asp?locID=353&docID=-1](https://www.strathclyde.police.uk/index.asp?locID=353&docID=-1)

- **ነቲ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ካውንሲል ተወከስዎ**

  ኩሎም ናይ ከባቢ ካውንሲላት ነቲ ንማሕበረሰብ ካብ ዓሌታዊ ግፍዒ ክከላኸልሉ ሓላፍነቶም እዩ። ኣብ ግላስገው፡ ንኣብነት፡ ናብቲ ናይ ጸረ ሕብረተሰብ ባህርይ ዝከታተል ሓይሊ (Anti-Social Behaviour Task Force) ብስልኪ ቁጽሪ **0800 027 3901** ብናጻ ክትድውሉሉ ትኽእሉ ኢኹም። ብዛዕባ ዓሌታዊ ግፍዒ ወይድማ ጸረ ማሕበረሰብ ባህርይ ዝምልከት ብኸመይ ሪፖርት ከምእትገብሩ ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብቲ ናይ ከባቢኹም ካውንሲል መርበብ ሓበሬታ ክትርእዩ ትኽእሉ ኢኹም።

  - **ምስ ዋና ገዛ ወይ ኣላዪ ናይ'ቲ ገዛ ተራኸቡ።**

ካብ ካውንሲል ወይድማ ኣባይቲ ማሕበር ገዛ እንተደኣ ተኻሪኹም ኰንኩም፡ ብዛዕባ ዓሌታዊ ግፍዒ ናብኦም ሪፖርት ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም። ንናይ ዓሌታዊ ግፍዒ ዝምልከት ፖሊሲ ስለዘለዎም፡ ምሳኹምን ምስቶም ፖሊስን ብምትሕብባር ክከታተልዎ ይኽእሉ እዮም። ምሳታቶም ኣብ ቤት ጽሕፈቶም ብምኻድ ወይድማ ኣብ ፍላት ትቕመጡ እንተኾንኩም ናብቲ ናይ ሓበሬታ ክፍሊ ብምኻድ ክትዘራረቡ ትኽእሉ ኢኹም።


ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ስኮትላንድ ኣብ ስኮትላንድ ዝተመዘገበ ናይ ግብረሰናይ ማሕበር እዩ። ምዝገባ ግብረሰናይ። SC008639

መቐመጢ ኹም ኣብ ግዝያዊ እባይቲ እንተ ኮይኑ ምስ ወኪል ናይ ጉዳይኩም ተራኸቡ።

ነቲ ሽግር ዘለዓዒሎ ዘሎ ሰብ ኣባል ናይቶም ሰራሕተኛታት እንተደኣ ኮይኑ፡ ንኻልእ ኣብቲ ማሕበር ዘሰርሕ እትኣምንዎ ሰብ ከትሕብርዎ ትኽእሉ ኢኹም፤ ወይድማ ካብ ካልኦም ማሕበራት ከምኒ ናይ ስኮትላንድ ስተደትኛታት ካውንሲል ወይድማ ናይ ኣባይቲ ኣወንታዊ ተግባር (Positive Action in Housing) ኣዘራርቡ፤ ንሳቶም ድማ እንታይ ክትውስኑ ከምእትኽእሉ ክሕብርኹም እዮም። ስልኪ ቁጽሮም ድማ ኣብ መወዳእታ ናይዚ ሓጺር ጽሑፍ እዚ ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ብግሊ ዘካሪ ወናኒ ኣባይቲ እንተደኣ ኣሎኩም እሞ ነቲ ሽግር ዘለዓዕሎ ዘሎ ድማ ንሱ ምስዝኸውን፡ ንናይ ስኮትላንድ ስደተኛታት ካውንሲል ወይድማ ንናይ ኣባይቲ ኣወንታዊ ተግባር ከተዘራርቡ ትኽእሊ ኢኩም፤ ንሳቶም እውን ክሕግዝኹም ድሌቶም እዩ።

- **ናይቲ ዝፍጸም ዘሎ ነገር ሪከርድ ሓዙ፥**
  - ነቲ ዝተፈጸመ ነገር ብጽሑፍ ኣስፍርዎ፡ እቲ ዝተፈጸመሉ ግዜ፣ ዕለት ከምእውን ቦታ ዘጠቓልል
  - ናይ ዝተለኣኸልኩም ዝኾነ ደብዳቤ፣ ተክስት ወይድማ ኢመይል ሪከርድ ሓዙ
  - ናይ ዝኾነ ዝተፈጸመ ዕንወት ስእሊ ሓዙ
  - ንኻልኦት በቲ ተግባር ናይቲ ሰብ ቅድሚ ሕጂ ዝተተንከፉ ሰባት (ንኣብነት፡ ካልኦት ጎረባብቲ ወይድማ ተኻረይቲ) ኣዘራርቡ።
- **ሓገዝ ድለዩ**

  ዓሌታዊ ግፍዒ ካብ ካልኦት ክፈልየኩም ኣይተፍቅድሉ። ንእትኣምንዎ ሰብ ክትነግሩ ከምዘለኩም ዘክሩ።

  ምስ ካልኦት ናይ ከባቢ ኹም ማሕበራት፡ ከምኒ ናይ ምውህሃድ ፕሮጀክት፡ ዝኣመሰሉ ርኽብ እንተደኣ ኣሎኩም ኮይኑ፡ ሕውነታዊ ዝኾነ ሓገዝ ከበርክቱ ይኽእሉ እዮም። ፖሊስ ከምእውን ናይ ከባቢ ኹም ካውንሲል፡ ምስ ሓገዝ ክህብኹም ዝኽእሉ ኤጀንሲታት ከራኽብኹም ይኽእሉ እዮም። ብፍላይ ድማ፡ ናይ ስሚዒት ከምእውን ካልእ ተግባራዊ ዝኾነ ሓገዛት ክህብኹም ዝኽእሉ ምስ ናይ ሓገዝ ግዳያት (Victim Support) ዝበሃል ማሕበር ክትዘራረቡ የድልየኩም። ጉዳይኩም ብዝምልከት ናብ ቤት ፍርዲ ክትከዱ እንተደኣ ዘድልየኩም ኮይኑ ድማ፡ ክሕግዝኹም ይኽእሉ እዮም። በዚ ስልኪ ቁጽሪ'ዚ ክትድውልሎም 0845 603 9213 ወይድማ ኣብዚ ናይ ስኮትላንድ ሓገዝ ግዳያት ዝብል መርበብ ሓበሬታ'ዚ ዝያዳ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፥ http://www.victimsupportsco.org.uk/page/victims.cfm

**ዝያዳ ሓበሬታ ኣበይ ክረክብ እኽእል?**

**ናይ ስኮትላንድ ናይ ስደተኛታት ካውንሲል ናይ ስደተኛታት ኣባይቲ ዝግደስ ጉጅለ**

ምኽሪ ንምርካብ ወይድማ ምስ ናይ ምኽሪ ሰራሕተኛ ቆጸራ ምንሓዝ በዚ ስልኪ ቁጽሪ'ዚ ብናጻ ደውሉ፥ 0800 085 6087

**ኣዎንታዊ ዝኾነ ናይ ኣባይቲ ስጉምቲ**

ብዛዕባ ዝህብዎ ኣገልግሎታት ሓበሬታ ንምርካብ ናብዚ ስልኪ ቁጽሪ'ዚ ደውሉ፥ 0141 353 2220